TIGRINJA

Redd Barna

# ኩሎም ተማሃሮ ንጽቡቕን ውሑስን
# ሃዋህው ትምህርቲ መሰል ኣለዎም




ኖርወይ ናይ ገዝእ ርእሳ ናይ
ተማሃሮ ሕግታት ኣለዋ።
ኣብዚ ሕጊ'ዚ እዚ ድስዕብ ሰፊሩ ይርከብ፣

§ ንስኻ/ኺ ኣብ ክፍልኻ/ኺ ይኹን ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ክትህሉን/ክትህልዊን ውሕስነት ክስመዓካን/ኪን መሰል ኣለካ/ኪ።

§ ክትዛረብን ክትስማዕን መሰል ኣለካ። ንስኻ ወይ መሓዛኻ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ከምደየለኹም ንዓበይቲ ክትነግር ከለኻ/ኪ፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ንዓኻ/ኺ ወይ ነቲ መሓዛኻ/ኺ ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ እንደገና ጽቡቕ ንኽትህልዉ ሓላፍነት ይወስድ።

§ ኩልኹም ተማሃሮ ብሓባር ጽቡቕ ንኽትህልዉ ኩሎም ዓበይቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓገዞም የበርክቱ። ንሳቶም ንሓድሕድካ ምድህሃል ኮነ ስክፍታ ምፍጣር ጽቡቕ ከምደይኮነ ብንጹር ይነግሩ።

## ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕማቕ ኣለኻ/ኺ።

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ የለኻን/ኽን።
- ብሕታውነት ይስማዓካ/ኪ ወይ ተነጽሎ ፣ ኣብ ክፍሊ ከኣ ውሕስነት ኣይስመዓካን/ኪን።
- ብሓደ ወይ ብዙሓት ተማሃሮ ወይ'ውን ዓቢ ኣብ ቤት ትምህርቲ ትደሃልን ትሸቑረርን ኣለኻ/ኺ።

### እንታይ ክትገብር/ሪ ትክእል/ሊ?

- ከመይ ከምደለኺ ንወለዲ ወይ ንኻልእ ትኣምኖ ዓቢ ንገር/ሪ። ንመምህር ወይ ንርእሰ መምህር ንምንጋር ከኣ ሓገዝ ሕተት/ቲ።
- እቲ ቤት ትምህርቲ ንስኻ/ኺ እንደገና ጽቡቕ ንኽትህሉ/ዊ እቲ ቤት ትምህርቲ እንታይ ክገብር ከምደለዎ መደብ የውጽእ።
- እዚ እንተደይሓጊዙ፣ ንስኹም ናብ ምምሕዳር ክሲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኣማሓዳሪ ነተን ቤት ትምህርታት ሕጊን መምርሒታትን ናይ'ቲ ምምሕዳር ይኽተላዶ ኣይክተላን ድከታተል ሰብ ኢዩ።

## ጽቡቕ ይስመዓካ/ኪ ከምደሎ።

- ካብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ክስመዓካ/ኪ እንተጀሚሩ።
- ኣብ ክፍልኻ/ኺ ደይምርግጋእ ወይ ትሕተ ውሕስነት ክስመዓካ/ኪ እንተጀሚሩ።
- ብኻልኦት ክትስከፍ/ክትሳቐ እንተጀሚርካ/ኪ እሞ ገዛእ ርእስኻ/ኺ ክትከውን እንተደይክኢልካ/ኪ።

### ሕጂ እንታይ ክትገብር/ሪ ትኽእል/ሊ?

- ከመይ ክምደለኻ/ኺ ነቲ ትኣምኖ ዓቢ ንገር፣ ንኣብነት መምህር ክኸውን ይኽእል፣ ሓኪም፣ ርእሰ መምህር ወይ'ውን ካብ'ቶም ወለዲ።
- ዓበይቲ ንስኻ/ኺ እንደገና ኣብ ክፍልኻ/ኺ ጽቡቕ ንኽትህሉ/ዊን ውሕስነት ክስመዓካ/ኪን ክሕግዙ ኢዮም።
- ኣብ ኢንተርነትን ተንቀሳቓሲ ተለፎንን ምድሃል ይኹን ካልእ ሃሳዩ ነገራት ምስደጋጥም ከኣ መታን ክሕግዙኻ/ኺ ንወለዲ ምንጋር ብማዕረ ኣገዳሲ ኢዩ።

## ጽቡቕ ክትህሉ/ክትህልዊ!

- መሓዙት/ኣዕሩኽ ክህልዉኻ/ኺ።
- ገለ ትኣምኖምን ክተዕልሎም ትኽእልን ክህልውኻ/ኺ።
- ገዛእ ርእስኻ ክትከውን (ነብስኻ ክትመስል)፣ ከምኡውን ኣብ ክፍልኻ/ኺ ይኹን ቤት ትምህርቲ ውሕስነት ክስመዓካ/ኪ።

### ሕጂ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

- ናብ ጸወታ ካለኦት ምሳኻ/ኺ ተማላእ/ኢ ኩሎም ጽቡቕ ምህላዎም ከኣ ኣስተውዕል/ሊ!
- ንምድሃል ግደፍ በል/ሊ ፣ ጽቡቕ ደየለ ተማሃራይ እንተርኢኻ/ኺ ድማ ንዓበይቲ ንገር።

እዚ መንቅስቓስ እዚ ንስኻ/ኺ እንደገና ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ንኽትህሉ/ዊ እንታይ ክትገብር/ሪ ከምደለካ/ኪ መምርሒ ወይ ሜላ ክህበካ/ኪ ኢዩ። ብዛዕባ ናይ ውሑስን ጽቡቕን ሃዋህው ኣብ ትምህርቲ መሰልካ/ኪ ኣብ reddbarna.no/skolemiljo ብምእታው ዝያዳ ኣንብብ/ቢ።

ክትረኽቦ ትኽእል/ሊን ክሕግዝ ድኽእልን ናይ ምድሃል ተሓላቒ ፍትሒ ኣካል ከምደሎ'ኸ ፈሊጥካ/ኪ'ዶ?
ብዛዕባ ናይ ምድሃል ተሓላቒ ፍትሒ ናትካ/ኪ ኣብ elevombudene.no ኣቲኻ/ኺ ሓበሬታ ርኸብ።

Oversatt av Nasjonalt senter for flerkulturell opplæring.

reddbarna.no/skole

Illustrasjon: Tomas Drefvelin. Grafisk design: Brød & tekst. Plakaten er utviklet med støtte fra Utdanningsdirektoratet.